# ዕዉት ሰሚናር ጥርናፈ ደሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ፍራንክፎርት

ኣሰናዳኢ ኣካል ምቹእን ክብሩ ዝሓለወን ቦታ መሪጹ ብሓምለ 2007-07-22 ንሰሚናር ሊግ ስለ ዘዘጋጀወ ምሉእ ምስጋና ይግብኦ። ሓደ ካብቶም ምኽንያታት ንሰሚናር ፍራንክፎርት ኣድማዒ ዝገበሮዎ ዝተጠቐሰ ምስንዳእ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ምኽንያት ድማ ሰሚናር ሊግ ኣሳታፊ ኰይኑ ንኹሎም ሸንኻት ህልዊ መድረኽ ብዕምቈት ክጥመቱ ስለ ዘተባብዓ እዩ። ካብቶም ኣገደስቲ ኣርእስትታት እዞም ዝስዕቡ ነበሩ፥

1. ድሕሪ ተርእዮ ምፍንጫል ኪዳን ሓይልታት ተቓውሞ ብኸመይ ይጥርነፉ?

2. መሰረታዊ ዜግነት ብዓድታቱ እንተዘይተለልዩን መሬት ዓዲ ብመንግስቲ እንተተመንጢሉን ኤርትራውነት ደኣ እንታይ እዩ፡ ኤርትራ'ኸ መን ወናኒኣ ዝብል ነበረ?

3. 'ደሞክራስያዊ ህንጻ ኣብ ዓዲ ምስ ዝምስረት ስልጣን ህዝቢ ድማ ካብ ዓዲ ናብ ሃገራዊ ፓርላማ ምስ ዝንደቕ ህዝባዊ ስልጣን ኣብ ዋንኡ ኣብ ህዝቢ ክምልስ ይኽእል' እዩ ዝብል ምይይጥ እውን ወሪዱ ነበረ። 'ኢማእከልነት ብሰለስተ ጽፍሓዊ ስትራተጂ፡ ማለት ካብ ባይቶ ዓዲ ናብ ኣውራጃ ካብኡ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ምስ ዝስራዕ ድዩ ወይስ ብፈደራላዊ ኣሰራርዓ ደቀቕቲ ውሽጣዊ መንግስትታት ምስ ዝቖውም?' ዝብል ሕቶ እውን ተላዒሉ ነበረ።

4. ኣብ መወዳእታ እቲ ገዛ ንሊግ ምስቶም ካልኦት ብሎኮታት ክላዘብ ብምልባው ኣብ ፈስቲቫል ካስል ክንሳተፍ ኣተባብዓና። ንሕና ብወገንና ድማ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ምስ ኩለን ብሎካት ብተንሲቓውን ተራድኦኣውን ኣገባብን ብዘይ ቅድመ ኩነት ክንላዘብ ድሉዋት ከም ዝኾንና ኣረጋግጽና።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ጥርናፈ ደሞክራስያዊ ሓይልታት (ሊግ)
2007-07-26